**ERITREAN MOVEMENT FOR DEMOCRACY AND HUMAN RIGHTS (EMDHR)**

ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤምዲሰመ)

الحركة الإريترية لديمقراطية وحقوق الإنسان

Fax 086 776 2950 Email: emdhr.sa@gmail.com









ጥቅምቲ 2014 ቁጽሪ 3

# ዝኽሪ መስከረም 18

ኲላትና ከም ንፈልጦ መስከረም 18 ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ዓቢ ቦታ ኣለዋ። እዛ ዕለት እዚኣ ናይዚ ሕጂ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓልፎ ዘሎ "**ጸልማት-ዘመን**" ምጅማር ዝፈለመት ጸላም ዕለት እያ። ኣብዛ ዕለት እዚኣ ኢሰያስን መሻርኽቱን ንብሩህ መጻኢ ተስፋ ህዝቢ ኤርትራ ዘህፈፉላ ክሪንካሕ ዝተረገመት መዓልቲ እያ። እዚ ድማ እቲ ኣብ ሞንጎ ኢሰያስን ገለ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ንልዕሊ ዓመት መመላእታ ክኸይድ ዝጸንሐ "ኣኼባ ግበረልና... ኣይገብርን..." ዝብል ምምልላስ ብሓይሊ ጎነጽ ክፍታሕ ዝተጀመረትላ ዕለት እያ።

ካብ 1991 ድሕሪ ናጽነት ጀሚሩ ኢሰያስን መሳርሕቱን ብዙሕ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ይገብሩ ነይሮም እዮም። ገለ ንምጥቃስ፡ ናይ ስንኩላን ምርሻን፡ ናይ ኣመንቲ ጀሆቫ ምእሳርን ንብረቶም ምርሳይን፡ ናይ ኣመንቲ ምስልምና ምስ ጅሃድን ሓምሻይ መስርዕን ተሓባበርቲ ኢኹም ብዝብል ምስምስ ምእሳርን ምሕቃቕን፡ ምእሳር ኣድማ ዝገበሩ ተጋደልቲ፡ ዘይሕጋዊ ምስጓግ ምማህራን ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፡ ምጽልጻል ሰራሕተኛታት መንግስቲን..... ካልእን ይርከቦም።

ህዝቢ መረርኡ ብዝተፈላለየ መንገዲ የስምዕ እኳ እንተነበረ መንግስቲ ክሰምዕ ፍቓደኛ ኣይነበረን። ነቲ መረርኡ ንምስማዕ ድማ እተን ብሕታዊ ጋዜጣታት ኣዝዩ ዝነኣድ ኣበርክቶ ገይረን እየን። ድምጺ ህዝቢ ኮይነን። ስለዚ ድማ ኢዩ ኢሰያስን ጉጅለኡን ኣብ 18 መስከረም 2001 ቀንዲ ዕላማ ዝገበረን። ነቶም ኣዳለውተን ድማ በብሓደ ኣርዩ ዘሕቀቆም። እዚ በዚ ኣየብቅዐን።

ኢሰያስን ጉጅለኡን ንኹሉ ዝተጠርነፈ ኣካል ህዝቢ ብዓይኒ ፍርሒ ስለዝጠመቶ፡ ንናይ ፔንተኮስታል ኣመንትን ብፍላይ ድማ መራሕቲን፡ ንናይ ኦርቶዶክስ ትምህርቲ ሰንበት መንእሰያትን መራሕቶምን ኣብነት እንዳ መድሃኔ ኣለም፡ ንተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራን መራሒኦምን ክኣስርዎምን ንኣባላቶም ድማ ብብሓደ ክድርቁስዎምን ክበታትንዎምን ዝጀመሩ። ፓትሪያርክ ኦርቶዶክስ ካብ ሓላፍነቶም ተረፊቶም ናይ ገዛ እሱር ኰይኖም። እታ እንኮ ዩኒቨርሲቲ ኤርትራ ድማ ተዓጽያ። ክሳብ ሎሚ ዕለት ድማ እዚ ምብትታን ማእሰርትን ብዘይ ዝኾነ ገደብ ይቕጽል ኣሎ።

### *ኣነ፡ ንስኻ፡ ንስኺ ከ እንታይ እዩ ግደና*

ኩሉ ግዜ ኢሰያስ ከምዚባ ከምቲ'ባ ጌይሩ ኢና ንብል፡፡ ነዚ ናይ ሕዝቢ ኤርትራ ኣደራዕ ብቀንዱ ሓላፍነት ዝስከም ኢሰያስን ጉጅለኡን እኳ እንተኾኑ ናተይ፡ ናትካ፡ ናትኪ ግደከ እንታይ እዩ። ንሕናውን ሓላፍነት ስለዘሎና ሓላፍነትና ክንሸከም ይግባእ። ቁሩብ እዋን ቅድሚ ምእሳሮም ገለ ካብ ኣባላት ጂ15 ምስ ዳን ኮነል ኣብ ዝገበርዎ ቓለመሕትት ኢሰያስ ንኹሉ መሓውር ግንባር ዕሽሽ እንዳበለ ስልጣን ብብቑሩብ ንበይኑ

ናብ 2ይ ገጽ 1ይ ዓምዲ ይቕጽል.....




ክቡራት ኣንበብቲ መሰለይ
ርእይቶኹም ይኹን
ጽሑፋትኩም ክንቅበል ድልዋት
ምኻንና እንዳፍለጥና በዚ
ዝስዕብ ኢ-ሜይል ክትሰዱልና
ብትሕትና ንሕብር።

Info@emdhr.net

ኣዳለውቲ

ከግብቶ ከሎ እንዳረኣዩ ኣብ እዋኑ ክእርሙ ብዘይምፍታኖም ዝተሰምዖም ቅሬታ ይገልጹ። ምናልባት ኢሰያስ ኣብ ንሕድሕዶም ምትእምምን ኣጥፊኡ ስለዝጸንሐ ክኸውን ይኽእል።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዝተፈላለየ ምግሃስ መሰረታዊ መሰላት ዜጋታት ክጠሓስ ከሎ ህዝቢ ብዝተጠርነፈ መልክዑ ዓገብ ክብል ኣይከኣለን። ንኣመንቲ ጀሆቫ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኣሸንኳይዶ ክኸላኸለሎም በንጻሩ ጽቡቕ ገበሮም እዩ ኢሉ። ብውልቂ ዓገብ ዝብሉ ዜጋታት ኣይነበሩን ክበሃል ኣይክኣልን። ግና ተሰማዕነት ኣይነበሮምን። ሃገር ናብዚ ሕጂ በጺሓቶ ዘላ ደልሃመት ክትሸመም ዝገበረ ምኽንያት እንታይ እዩ ኢልና ክንሓትት ኣገዳሲ እዩ።

## ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ዘይምህላው

ህዝቢ ኤርትራ ብዓድን ከባብን ደረጃ ዝገዝእ ናቱ ሕግን ስርዓትን ነይርዎ እዩ። ባይቶ ዓዲ ሓደ ጽቡቅ ኣብነት እዩ። እዚ ድማ መባእታዊ ድሞራሲያዊ ኣገባብ ምምሕዳር ከምዝነበሮ ክንግንዘብ ንኽእል። እዚ ባህሊ እዚ ናብ ሃገር ደረጃ ከይምዕብል ምምጻእ መግዛእታዊ ምምሕዳራት ዓንቂጽዎ ክኸውን ይክእል። መግዛእቲ ጥልያን፡ ሃይለስላሰ፡ ደርጊ ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ። ህዝቢ ኤርትራ ብሃገር ደረጃ ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ዝረኣየሉ ሓጺር እዋናት እንተልዩ፡ ብግዜ ምምሕዳር እንግሊዝን፡ ግዜ ፌደረሽንን ክበሃል ይከኣል። እዚውን ድሩት እዩ ነይሩ። ስለዚ እዚ ኩሉ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ከየማዕብል ደሪትዎ ክበሃል ይከኣል።

እቲ ናጽነት ዘምጽአን ክሳብ ሕጂ ዝገዝእ ዘሎ ህዝባዊ ግንባር ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ ንዝኾነ ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ዘየተባብዕ እዩ ነይሩ። ዝተፈልየ ሓሳብ ዘልዕልን ዝሓትትን ሰብ ብዓይኒ ጥርጣረ ይርእ። ዝኸፍአ ድማ ነቶም ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ዝተኸስቱ ናይ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቃሳት ብሓይሊ ብረት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝኣትዉ ተገይሩ። ካብ ሽዑ ጀሚሩ ድማ ሓሳብካ ብነጻ ብዘይ ዝኾነ ስክፍታ ምግላጽ ሳዕቤን ከምዘለዎ፡ ንህይወትካውን ኣስጋኢ ስለዝኾነ ርእስኻ ኣድኒንካ ተመሳሲልካ ብላዕሊ ዝተባህለካ ጥራሕ ምግባር ዝብል ባህሊ ክጥጥዕ ዕድል ረኺቡ ማለት እዩ።

ስለዚ ኤርትራ ሕማቕ ዕድል ኮይኑ፡ ህዝቢ ይኹን እቲ ናጽነት ዘምጽአ ኣባል ህዝባዊ ግንባር ምዕቡል ዲሞክራዊ ባህሊ ዘጥረየ ኣይኮነን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ሕብረተሰብ እዮም ድማ ዲክታቶራዊ ስርዓታት ዝዕምብቡ።

ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ካብ ውልቀ ሰብ እዩ ዝጅምር። እዚ ማለት ምስ ናትካ ዘይሰማማዕን ምናልባትውን ዝጻረር ሓሳብ ተጸዋርካ ምኻድ የስምዕ። እቲ ካልእ ሰብ ሓሳቡ ብነጻን ብዘይ ዝኾነ ፍርሀን ክገልጽ መሰሉ ምዃኑ ምእማንን ምቕባልን ማለት እዩ።




ሰባት ስለዝኾኑና ዝተፈላለየ ሓሳብ ክህልወና ባህርያዊ ኢዩ። እዚ ዝተፈላለየ ሓሳባት ይፈለስ እሞ እቶም ዝበዝሑ ዜጋታት ዝተሰማምዕሉን ዝደለይዎን ይሰዕር ማለት እዩ። ዲሞክራሲ ማለት በቶም ዝበዝሑ ተግዚኢካ ምኻድ ማለት እዩ። ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ምጽውዋር፡ ምክብባር፡ ንመሰልካን መሰል ካልኦትን ደው ክትብል ምኽኣል፡ ንዓመጽ ምቅዋም፡ ብሕጊ ምግዛእ፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ማዕረ ከምዝኾነ ምእማንን ካልኦት ነዚ ዝመስሉ ክብርታትን ዝሓዘለ ኣምር እዩ።

ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ኣብ እንታይ ገደስኒ፡ ተዛሪብካ ኣይተዛሪብካ ተምጽኦ ለውጢ የለን፡ ኣነ ሂወተይ ጥራሕ ምምራሕ እምበር ኣብ ፖለቲካ ምእታው ኣየድልየንን እዩ፡ ኣብ ዝብል ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሕብረተሰብ ክጥጥዕ ኣይክእልን እዩ።

## መሓውራት ዲሞክራሲ

ዲሞክራሲ ብኣርባዕተ ዓበይቲ መሓውራት ይቐውም:: ንሰም ድማ ፈጻሚ ኣካል፡ ሓጋጊ ኣካል፡ ፍርዳዊ ኣካልን መራኸቢ ብዙሃን ተባሂሎም ይስመዩ። እቲ ፈጻሚ ኣካል ዝበሃል እቲ ዘመሓድር ዘሎ መንግስቲ የስምዕ። እዚ ድማ መራሒ መንግስቲን ሚኒስትራቱን የጠቓልል ማለት እዩ። እቲ ሓጋጊ ኣካል ዝበሃል ድማ ፓርላማ ወይ ሃገራዊን ዞባውን ባይቶታት እዩ። ፍርዳዊ ኣካል ከኣ ቅዋማዊ / ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምስ ኩሎም ጨናፍራት ቤት ፍርዲ ዝሓቑፈ እዩ። መራኸቢ ብዙሃን ድማ ኩሎም ንህዝቢ ሓበሬታ ዘስንቑ ከም ቲቪ፡ ራድዮ፡ ጋዜጣ፡ ኢንተርነት ወዘተረፈ.... የጠቓልል። እዞም ዓርባዕተ መሓውራት ዘይብሉ ሃገር ዲሞክራሲ ኣለዎ ክበሃል ኣይክእልን።

ምስዚ ተተሓሒዞም ዝኸዱ ሲቪካዊ ማሕበራት እዮም። እዚኦም ማሕበራት እዚኦም ዘይመንግስታዊ ትካላት ኮይኖም፡ ብዘይ ምትእትታው መንግስቲ ዝንቀሳቀሱ እዮም። ከም ኣብነት ናይ ሃይማኖት ትካላት፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ ማሕበር መንእሰያት፡ ማሕበር ደቀንስትዮ፡ ማሕበር ስንኩላን፡ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ማሕበራት፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊን ካልኦት መሰላትን፡ ናይ ስፖርትን ማሕበራዊ ክለባትን... ወዘተረፈ ይርከብዎም። እዚኦም ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ድሌታትን ስምዒታትን ባህግታትን ናይቲ ሕብረተሰብ የንጸባርቑ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣርባዕተ መሓውራት ዲሞክራስን፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን፡ ዲሞክራዊያዊ ባህሊ ብምምዕባል ኣብ ሓደ ሃገር ውሕሱን ጥዕና ዘለዎ ስርዓት ምምሕዳር ክህሉ ኣዝዮም ወሳኒ ተራ ይጻወቱ ማለት እዩ።

ኢሰያስን ጉጅልኡን ግና ነዞም ኣርባዕተ መሓውራት ዲሞክራሲ ኣደስኪሉ ነቲ ናይዞም መሓውራት ስልጣን ኩሉ ገቢቱ ሃገር ኣይንላዕሊ ኣይንታሕቲ ገይሩ ቁልቁል ኣፋ ደፊኦዋ ይርከብ።

## ኤርትራ ዘምለጣ ዕድል

ኣብ 2001 ኤርትራ ናብ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክትሰጋገር ዓቢ ዕድል ሓሊፍዋ። እዚ ድማ ካብ 1996 ክሳብ መስከረም 2001 ኤርትራውያን ንዘበናት ሓሪምዎም ዝነበረ ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ክመያየጡን ንጉድለት መንግስቲ ክነቕፉን ርእይቶኦም ክገልጹን ብመባእታ ደረጃ ጀሚሮም ነይሮም። እተን ዝነበራ ውልዶ ብሕታውያን ጋዜጣታት ድማ ዓቢን ኣወንታውን ተራ ተጻዊተን እየን።

የግዳስ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ፡ ህዝብን ተጋደልትን ብሰንኪ ጉድለት ፖለቲካዊ ንቕሓትን፡ ዲሞክራሲያዊ ባህልን፡ ነቲ ተኸፊቱ ዝነበረ ዕድል ክጥቀሙሉ ኣይተረከቡን። ነቲ ጂ15 ዘልዓልዎ ኣገደስቲ ሕቶታት ህዝብን ተጋደልትን ኣብ ክንዲ ዝዓስልዎ፡ ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ከምዘይምልከቶም ወሰን ሒዞም ክዕዘቡ መሪጾም። ህዝቢ መንግስቲ ጽቡቕ ገይሩ እንተመሓዲሩ ክንእዶ፡ እንተጕዲሉን እንተኣጠፋፊኡን ድማ ክሓቶ ግቡእ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግና ነዚ ናቱ መዝነት ብሰንኪ ጉድለት ንቕሓት ክትግብሮ ኣይከኣለን። ስለዚ ድማ ኣብ 2001 ሓንቲ ወርቃዊት ዕድል ኣጥፊኡ ማለት እዩ።

## ሕጂኸ?

እቲ ጉጅለ 15 ዘቕረብዎ ጠለባትን እተን ብሕታዊ ጋዜጣታት ዘቃልሕኦ ሕቶታትን ሕጂውን ኣብ ቦቱኡ ኣሎ። ብዙሕ ላዕሊ ታሕቲ ዘይብላ ንጽርቲ ጠለብ እያ ነይራ፤ ***ኤርትራ ብሕግን ቅዋምን ክትመሓደር፡ ሰልፈ ብዙሓዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክነተኣታቱ ኣሎና ትብል እያ***። ሕጂውን እታ ጠለብ ኣይተመለሰትን። እዛ ሕቶ እዚኣ ክይተመለሰት ኤርትራ ሰላም ክትረክብ፡ ህዝባ ቀሲኑ ክሓድር ማለት ዘበት እዩ። ተመሃራይ ክመሃር፡ ሸቃላይ ክሰርሕ፡ ነጋዳይ ክነግድ፡ ሓረስታይ ክሓርስ፡ ጓሳያይ ክጓሲ፡ ወለዲ ደቆም ብሰላም ክዕብዩ፡ ምብትታን ስድራቤት ከብቅዕ፡ ከርተትን ሞትን መቕዘፍትን መንእሰያት ደው ክብል፡ እዛ መሰረታዊት ሕቶ ክትምለስ ኣለዋ። ሕጂ'ውን ኩሉ ህዝቢ ክሓታ ዘለዋ እንኮ ኣገዳሲት ሕቶ እያ።

ንህዝቢ ኤርትራ ቅጫ ጥራሕ እዩ ዘድልዮ፡ ድሞክራሲ ኣየድልዮን እዩ ዝብል ጠዋይ ዘረባ ኩሉ ህዝቢ ክነቕሓሉ ኣለዎ። ዲሞክራሲ መሰረት ኩሉ እያ። ዲሞክራሲ ማለት ብህዝቢ ዝግዛእ ምምሕዳር ማለት እዩ። ኩሉ ህዝቢ ካብዚ ሒዝዎ ዘሎ "***ሕማም እንታይ ገደሰኒ***" ተገላጊሉ "***ተኾርሚኻ ምት፡ ኣሳፊሕካ ምት***" ብምባል ንመሰሉ ደው ክብል ዜግንነታዊ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

መስከረም 18 እምበኣር በዚ መንፈስ እዚ ክንዝክራ ይግባእ። ኩሉ ሰብ "ኣነኸ ነዛ ሕቶ ክትምለስ እንታይ ይገብር ኣለኹ?" ብምባል ሕልንኡ ክሓትት ሓደራ።

ብቓላት ማርቲን ሉተር ኪንግን ኤድመንድ በርክን ክንዛዝም።

"***ኣብ መወዳእታ ግና፡ ዘረባ ጸላእትና ዘይኮነ ስቕታ ናይ ፈተውትና ኢና ክንዝክር***" ማርቲን ሉተር ኪንግ

"***ክፍኣት ዝዕወት፡ ጥዑያት ሰባት ገለ ብዘይምግባሮም እዩ***" ኤድመንድ በርክ

ኢያሱ ዓንደማርያም

## ዝኸሪ ሓደጋ ላምፔዱሳ ኣብ ዓመቱ፡ ተማሂርናሉ ዶ?

ዓሚ ብዕለት 03/10/2013፣ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ብሓፈሻ ንኤርትራዊያን ግን ብዝያዳ ዘሰመበደ ህልቂት ኣማኢት ነፍስታት ኣብ ገማግም ባሕሪ ላምፔዱሳ (ሃገረ-ጥልያን) ኣጋጢሙ። ዕምቆት ‘ቲ ሓዘን ካባና ኤርትራዊያን ሓሊፉ ካብ ጻት-ንጻት ዓለም’ዉን ኣደንጺዩ። ብዛዕባ እዚ ሕማቕ ኣጋጣሚ እዚ ብዙሕ ተጻሒፉን ተባሂሉን ስለዝኾነ ኣብዚ ምድጋሙ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ሓደ ዓመት ድሕሪ እዚ መስደመም ዝኾነ ህልቂት ግን ኣብ ሕልና ብዙሓት ዝመላለሱ ኣዝዮም ኣገደስቲን መሰረታዊያን ሕቶታት ኣለዉ። ንሳቶም ድማ፡ ኣብዚ ግዜ’ዚ ኤርትራዊያን መንእሰያት ሰለምንታይ እዮም ብክንድዚ ዋሕዚ ዝስደዱ ዘለዉ? ስጋብ መዓስ ከ እዩ ከምዚ ኢሉ ክቕጽል? ድሕሪ እዚ ህልቂት ናይ 500 ዝኣኽሉ መንእሰያትና ከ ተማሂርና ዶ? ዝኣመሳሰሉ ሕቶታት እዮም።

ከምቲ ህቡብ ደራሳይን ሙዚቀኛን ነፍስሄር ኣቶ የማነ ገብረሚካኤል ብዜማ ኣሰኒዩ “ሎሚ ኣይኮነን ሓድሽ ተጀሚሩ ስደት፣ ዝነበረዩ ካብ ቀደም ዓለም ምስ ተፈጥረት” ዝበሎ፣ ስደት ካብ ቀደም ዘነበረ ምኳኑ ርዱእ’ዩ። እንተኾነ ግን ከምዚ ናይ ሎሚ ስደት ሲ የልቦን። እዚ ናይ ሎሚ ስደት ፉሉይ






ዝገብርዎ ነገራት ኣለዉ። ንሳቶም ድማ ድሕሪ እቲ ን30 ዓመታት እተቃለስናሉ “ናጽነት” ዝስሙ ባርነት ምርካቡ ምኳኑ እዩ። ብዛዕባ ስደት ኤርትራዊያን ክልዓል ከሎ ሓደ ብዙሓት ዘይሻራዊያን ተንተንቲ ፖለቲካ ዝሰማምዕሉ ጉዳይ ኣሎ። እዚ ድማ ጠንቂ ዋሕዚ መንእሰያት ኤርትራ ቁጠባዊ ዘይኮነ ፖለቲካዊ ምኳኑ እዩ። መንእሰያት እቲ ኣብ ዓዶም ዝተነፍጎም ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ኣብ ካልኦት ሃገራት እንተረኸቡዎ ኢሎም እዮም ደም እንዳጥዓሞም ዝፈትዉዋ ሃገሮም፤ ህዝቦምን ቤተ-ሰቦምን ራሕሪሖም ዝስደዱ ዘለዉ። እንተዘይትንዉንወኒ መን መጽደፈኒ ከምዝብሃል፤ ጠንቂ ናይ’ዚ ኩሉ መከራ እምብኣር እቲ ኣብ ሃገርና ስልጣን ጨቢጡ፤ ንመሰረታዊያን ሰብኣዊ መሰላት ረጊጹ ዝገዝእ ዘሎ ዘይሕጋዊን መላኺን ስርዓት ኢሳያስ እዩ። እዚ ጨፍላቒ ስርዓት ክሳብ ዝሃለወ ግዜ ድማ ስደት ኤርትራዊያን መንእሰያት ክቕጽል ምኳኑ ርዱእ ክኸዉን ይግባእ። መርኣያ ናይ’ዚ ድማ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት 2014 ጥራይ እኳ ሓያሎ ጃላቡ ጥሒለን፣ ጸይረንኦም ዝነበራ ኣስታት 3000 ዝኣኽሉ ሰባት ካብኣቶም ዝበዝሑ ኤርትራ’ዉን ተቐዚፎም ወይ ድሃይ ዘይብሎም ተሪፎም ኣለዉ። እቲ ዘስደምም፡ ሎሚ ድሕሪ 1 ዓመት ሓደጋ ላምፔዱሳ’ዉን ነቲ ጉዳይ ብፍጹም ዘይተመሃርናሉ ምኳንና እዩ ዘርኢ። ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን መንእሰያት ኤርትራ ሕጂ’ዉን ግዜ ኣሎ’ሞ ካብ ሕሉፍ ክንመሃር እዩ እቲ ዝግባእ። ኣብ ዓድኻ ዘሎ ሰይጣን ምጥፋእ ዶ ይሓይሽ’ሲ ወይሲ ቀለብ ሰይጣን ማእከላይ ባሕሪ ምኳን?። ሽም ዘለዎ! ኣብ ዓድኻ ዘሎ ሰይጣን ኣጥፊእካ ሰላምን ራህዋን ዘለዋ ኤርትራ ምንጋስ እዩ እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ዘምጽእ!!! ስለዚ እቲ ቅኑዕ ምርጫ ንዉሰድ!!!

## ዋዛ ምስ ቑም-ነገር

.........ሓደ ኣብ ደገ ዝነብር ሰብ ነስመራ ድዊሉ ከመይ ኣለኹም ኢሉ ምስ ሓተቶ፤ ሓደ ተዛራባይ ንሕና ድኣሞ **በ ቡ ቢ ባ ቤ ብ ቦ** ኣለና ኢሉ መሊሱሉ። እንታይ ማለትካ እዩ ምስ በለ ሓታቲ.....

በ = በንዚን የልቦን

ቡ = ቡምባ፣ ማይ የልቦን

ቢ = ቢራ የልቦን

ባ = ባኒ የልቦን

ቤ = ቤት የልቦን (ከቢሩ)

ብ = ብርሃን (ኤለክትሪክ) የሎን

ቦ = ቦታኻ ኺድ መሊኡ

ኣሉዎ ይበሃል።



ሓደ ኣንበሳጅር ዝስሙ መንእሰይ ተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ካብቲ ዝረኸቦ ዝነበረ ዘይረብሕ ደሞዝ ንስድራ ክሕግዝ ስለዘይከኣለ ካብ ስድርኡ ይሕባእ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ኣዲኡ ናብቲ ሓለቓ ጋንታ ብምኺያድ ኣንታ ወደይ እዚ ኣንበሳጅር ወደይ'ሲ ዋላ ዋላ ድሃይ ምግባር ኣብዩና። እምበር'ዶ ደሞዝ ትህብዎ ኣለኹም ኢኹም? ኢለን ኣምሪረን ሓተትኦ። ሽዑ ሓለቓ ጋንታ እዋእ! ደሞዝሲ እወ ይወስድ ኣሎ፣ ኣይሕግዘኹምን ድዩ በለን? ንሰን ብወገነን ኣይሕግዘናን እዩ መለሳ። ሽዑ እቲ ሓለቓ ጋንታ እሞ ዕለት 30 ምጻኣኒ'ሞ ሽዑ ንርእዮ እሉ ኣፋነወን። መዓልቲን ከልብን ከይጸዋዕካዮም እዩ፣ እታ ዕለት 30 ምስ መጸት ናብቲ ሓለቃ ጋንታ ከዳ'ሞ፣ ወዮ ሓለቃ ጋንታ ፍርቂ ደሞዝ ናይ ወደን ሰሊዑ ሃበን። ሰበይቲ ተሓጉሽን ንገዝኣን ተመርቀፋ። ኣንበሳጅር ደሞዙ ክወስድ እንተመጸ ፍርቂ ጥራይ ተዋህቦ፣ ስለምንታይ ኢሉ እንተሓተተ፣ ባዕልካ ሓሲብካ ስድራካ ስለዘይትሕግዝ ኣዴኻ መጺኤን ፍርቂ ደሞዝካ ወሲደንኦ እየን ተባህለ። ሽዑ ኣንበስጅር፣ እሞ 45 ደቂቕ ኣጻዉትዋ እምበር ኢሉዎም ይበሃል።

### ቦሎኛ

ቃል ኣምላኽ ክብለና "ተፈጢርኹም ብተምሳለይ"፤  
ሳይንስ ይብለና "መበቖልኹም ህበይ"፤  
ክልሰ-ሓሳባዊ ትንተና፤  
ንመንፈሳዊ ሂወትና እንኪፈታተና፤  
ቦሎኛ ዳንያትና።  
እዛ በዓልቲ ዉዕለትና፤  
ኣብ ስደት መጽለሊት ዳዕሮና፤  
ሓዘንና ረሲዕና ምስዘለልና፤  
እቲ ምስጢር ኣዉያትና።  
ናህሪ ንበዓት ሓዉካ-ሓፍትካ ከይዝሓለ፤  
ክንድዚ'ዶ በሃል'ዩ ተሓምበለ?  
ደም ዉሉድኻ ኣብ ላምፐተዱዛ ከይነቀጸ፤  
ክንድ'ዚ ዶ ትቖጸጸ?  
ህበይ'ኺ ወገና እንተሞተ ተርእይ ድንጋጸ፤  
ሕዉስዉስ ኢሉኒ ዉሽጠይ ተረቢጸ፤  
ትሩፍ ድሕሪ ደጊም' ሲ ቀቢጸ፤  
ኣጣራጢሩኒ ኣዳም ካበይ ከምዝመጸ?

**ምስግና (2014) ደርባን**

**ድርኺት ግጥሚ፡** ሓዘን ህልቂት ላምፔዱሳ ገና ብሓድሹ እንከሎ፤ ሬሳታትና ንቡር ቀብሪ ከይረኸበ፤ እቲ ነዉራም ስርዓት ህግደፍ ኣብ ቦሎኛ ጓይላን ሳዕሲዒትን ኣብ ዝተኸለሉ ቅንያት፣ ገጣማይ ንዝሓደሮ ዉሽጣዊ ኹነተ-ኣንክሮ ብከምዚ ገሊጹዎ።

## ዜናዊ ጾብጻብ

⇒ ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤምዲሰመ) ብቀዳም 21 መስከረም 2014 ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ ብምኽንያት መበል 13 ዓመት "ጸላም ሰሉስ" ሰሚናር ኣካይዱ። ከምዝፍለጥ 18 መስከረም 2001 ኣብ ኤርትራ ፍልይቲ ዕለት እያ። እዛ ዕለት እዚኣ እቲ ኤርትራውያን ንዘበናት ዝተቓለሱሉ መሰልን ክብርን ሓርነትን ዜጋታት ብግህዶ ክርገጽ ዝጀመረሉ እያ።

⇒ ካብ 29 ነሓሰ ስጋብ 1 መስከረም 2014 ኣብ ከተማ ቦሎኛ ዓዲ ጥልያን "ኤርትራዊ ሽግር፡ ብኤርትራዊ ፍታሕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ሰፊሕ ዋዕላ ተኻይዱ። ኣብ'ዚ ዋዕላ'ዚ 10 ኤርትራዊያን ፓለቲካዊያንን በርጌሳዊያንያን ማሕበራትን ውልቀሰባትን ከምዝተሳተፉ ተፈሊጡ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ዝወሰደ ምርድዳእ ዝመልኦ ልዝብ ከኣ 7 ኣገደስቲ ዉሳኔታት ብምሕላፍ እቲ ዋዕላ ብጽቡቕ ከምዝዛዘመ ኣብቲ ዋዕላ ዝተሳተፉ ኣባላት ኤምዲሰመ ሓቢሮም።

⇒ ብዕለት 27 መስከረም 2014፤ ነታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘቖማ ንህሉዊን ሕሉፍን ምግሃሰ-ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ እትምርምር ኮሚሽን ብለላዕለዋይ ደረጃ ዝመርሑዋ ኣባለላት ተረቒሖም። እዚኦም ድማ ነታ ፍልይቲ ልኡክ ወድብ ሕቡራት ሃገራት-ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ-መሰላት ኤርትራ፣ ወ/ሮ ሽይላ ሓዊስካ 3 ኪኢላታት ምዃኖም ተፈሊጡ። እዛ መርማሪት ኮምሺን እዚ'ኣ ብዕለት 27 ሰነ 2014 ውድብ ሕቡራት ሃገረት ብዘሕለፎ ዉሳኔ ኣብ ኤርትራ ንዝፍጸም ዘሎ ሓፈሻዉ ግህሰት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ንክትምርምርን ክትስንድን ዝቖመት ኮምሽን ምዃና ይፍለጥ።

⇒ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኢብራሂም ኢንዴክስ ኦፍ ጋቨርናንስ (IIAG) ዝተባህለ ኣብ ኩነታት ስርዐተ-ምሕደራ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝግደስ ትካል ብዝገበሮ መጽናዕቲ፤ ኤርትራ ካብ 52 ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ መበል 50 ተርታ ተሰሪዓ። ነዚ መጽናዕቲ ዘካየደ ትካል (IIAG) ብተወሳኺ ከምዝገለጾ ናብዚ መደምደምታ እዚ ንምብጻሕ ልዕሊ 100 ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ኣብ ግምት ብምውሳድ ከምዝኾነ ሓቢሩ። እተን ኤርትራ እትቅድመን ሃገራት ኣፍሪቃ፤ እታ ብኹናት ሕድሕድ ንልዕሊ 20 ዓመታት እትሕመስ ዘላ ሶማልን ከምኡ'ዉን ተመሳሳሊ ዕድል ሶማል ኣጋጢምዋ ዘሎ ሪፖብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃን ጥራይ ምዃነን ተፈሊጡ።




**ንብስራት፡** ብኣምባሳደር ዓንደብርሃን ወልደግዮርጊስ እተደርሰት "ኤርትራ ኣብ ቃራና መንገዲ" ዘርእስታ መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ ዉዒላ ኣላ። ክትገዝኡዋ እትደልዩ ሰባት ብመንገዲ ቤት -ጽሕፈት ኤምዲሰመ ተመዝጊብኩም ክትዕድጉዋ ከምእትኽእሉ ብትሕትና ንሕብር። በዚ ዝስዕብ ስልኪ.. ቑጽሪ +2782 227 9191 ዲዊልኩም ተወከሱና።